**ጽሓፊ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን**

**ተጋዳላይ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ**

**ብኣጋጣሚ መዓልቲ ሰማእታት፡ ነፍስኻ እትውክሰሉን እትግምግመሉ መዓልቲ፡**

**ምስ ሰማእታት ዝመቐረ፡ ዝጸበቐን ዝመረረን ሂወት ኣሕሊፈ፡**

**ኣብ ሰውራ ቀዳማይ ዝርአኹዎ ስዉእ ኣብ 1967 እዩ፡**

**ንሕና ቅኑዕ መኣዝን ሒዝና ንጉዓዝ ኣሎና!**

**ድሌት ክቡር ህዝብና ዘማልእ ክውንነት ንምፍጣር ንቅድሚት ንመርሽ!!**



**መርበብ ሓበሬታ ማእከል እስትራተጂያዊ መጽናዕቲ ኤርትራ ብኣጋጣሚ 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ምስ ጽሓፊ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ተጋዳላይ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ ቃለ መጠይቕ ኣካይዱ። ንሱ ኣብ ቃለ መሕትቱ፡ መዓልቲ ሰማእታት ሕድሪ ጀጋኑ ሰማእታት ክሳብ ክንደይ ፈጺምና ነብስና እንግምግመሉን ካብ ሕሉፍ ትምህርቲ እንቀስመሉን ናይ ቀረባን ርሑቕን እስትራተጂ እንስእለሉን ኣጋጣሚ ምዃኑ ኣዘኻኺሩ። ካብ'ቲ ብዙሕ ቅያታት እተፈጸመሉ ሃብታም ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ ስለምንታይ 20 ሰነ ከም መዓልቲ ሰማእታት ተመሪጻ ድማ**

ኣብሪሁ። ኣቶ ኣልኣሚን መሓመድ ሰዒድ ገለ ካብ ሰማእታት ኤርትራ፡ ከምኒ ዓሊ ዑስማን፡ ኣብርሃም ተወልደን ኢብራሂም ዓፋን ካልኦትን ብምጥቃስ፡ ኣብ 1966 ኣብ ሰውራ ምስ ተሰለፈ ቀዳማይ ሰዉእ ዝርኣየሉ ኣብ ውግእ ዓይለት ግምሆት ኣብ 1967 ዝተሰውአ ተጋዳላይ ዓሊ እድሪስ ኣንራ ዓሊ እዩ። ካልኢታት ንድሕሪት ተመሊሱ ተዘክሮታቱ ከፍትሽ ጸኒሑ ድማ፡ "ምስ ሰማእታት ዝመቐረ፡ዝጸበቐን ዝመረረን ሂወት ኣሕሊፈ" ክብል ገሊጹ። ኣሰዒቡ ጽሓፊ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ተጋዳላይ ኣልኣሚን መሓመድ ሰዒድ፡ መዓልቲ ሰማእታት ብሰምዒት ዘይኮነስ፡ ትጽቢታትን ባህጊታትን ህዝቢ ኤርትራ ክዉን ንምግባር ዘኽእለና ዓቕምን ተሰፋን ንምውናን ካብ ሕልና ክንብገስ ከም ዝግባእ ሓቢሩ። ኣብ መደምደምታ ተጋዳላይ ኣልኣሚን መሓመድ ሰዒድ፡ "ንሕና ቅኑዕ ኣንፈት ሒዝና ንጉዓዝ ኣሎና፡ እቲ ኣንጻርና ዝካየድ ውዲታትን ሸርሒታትን ብቀሊሉ ክንሰግሮ እንኽእል ከም ሓደ ዘይጥጡሕ ጽርግያ ዝቑጸር እዩ። ኣነ ናብ 21 ክፍለ ዘመን ብልዑል ርእሰ ተኣማንነት ከም እንኣቱ ምሉእ እምነት ኣሎኒ" ክብል ገሊጹ።ካብዚ ቀጺልና እምበኣር ነቲ ዝተገብረ ቃለ መሕትት ነቕርበልኩም።



<u>ሕቶ፦ ትርጉምን መልእኽቲን ዝኽሪ መዓልቲ ሰማእታት እንታይ'ዩ?</u>

ትርጉምን መልእኽቲን ዝኽሪ 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት፡ ነቲ ህዝቢ ኤርትራ ንምእንቲ መሰል ርእሰ-ውሳነኡ፡ ማሕበራዊ ሓርነቱን ሃገራዊ ናጽነቱን ንምርግጋጽ ዝኸፈሎ ክቡር መስዋእቲ ብልዑል ሕልና ምዝካርን ሕድሪ ሰማእታትና ብተወፋይነት

ምፍጻምን እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ሉኣላውነቱን ፖለቲካውን ጂኦግራፊያውን መንነቱን ምስ ኩሉ ዝህልዎ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባዊ፡ ባህላውን ማሕበራውን ትርጉም ንምርግጋጽ ገና ዕቑዳት ዘቁጸረ ክቡር መስዋእቲ ይኸፍል ኣሎ። ስለዚ ካብዚ ሓቒ'ዚ ብምብጋስ ብኤርትራዊ መረዳእታ መዓልቲ ሰማእታት ድሌትን ዓቕምን ምስማርማለት እዩ። ካብ ረቛሒታት ማሕበራውን ፖለቲካውን ድሕረት ሓራ ንምውጻእ ዘሎ ድሌትን ክብርን ኣግእዞን ዘማልአ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ንምርግጋጽ ዘሎና ዓቕሚ ድማ የንጸባርቕ። ብሓቂ መዓልቲ ሰማእታት ነፍስና እንውከሰሉን እንግምግመሉን፡ ንናይ ቀረባን ርሑቕን መጻኢ ንጹር ስእሊ ንምስኣል ካብ ሕሉፍ ተመኩሮ እንምሃረሉን ሕድርና እነጽንዓሉን ኣጋጣሚ እዩ።

## <u>ሕቶ፦ ካብ ኩሉ'ቲ ብዙሕ ታሪኻዊ ቅያታት ህዝቢ ኤርትራ ስለምንታይ'ያ 20 ሰነ ከም መዓልቲ ሰማእታት ተመሪጻ ዘላ?</u>

20 ሰነ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ክትክበር ከም መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ምምራጻ፡ ነቲ ህዝቢ ኤርትራ ማሕበራዊ ሓርነትን ሃገራዊ ናጽነትን ዘረጋግጽ መሰል ርእሰ ውሳነኡ ክዉን ንምግባር ንዝኸፈሎ ከቢድን ክቡርን መስዋእቲ ንምዝካርን ሕድሪ ናይ'ቶም በሽ ዝሓለፉ ሰማእታት ንምፍጻምን እዩ። ብ20 ሰነ 1982 ጽንዓት ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ብሻዱሻይ ወራር ዝፍለጥ መጠነ ገዚፍ ወራር ወተሃደራዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ደምሲሱዎ። ኣብዚ መዓልቲ ዓወት ኤርትራ'ዚ፡ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ኣብ ደቡብ ሳህራ ኣፍሪቃ ዝዓበየ ሰራዊት፡ ሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ሰዒሩ። እዉጅ ዕላማ ሻዱሻይ ወተሃደራዊ ወራር ኢትዮጵያ ከኣ ንህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ሓንሳብን ንሓዋሩን ንምድሳስ እዩ ነይሩ። ነቲ ዝኣወጆ ዕላማ ክዉን ንምግባር ድማ ብሳላ'ቲ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ኣብ ጉኑ ዝነበረት ሕብረት ሶቬት ብዘበርከተትሉ እልቢ ዘይብሉ ናይ ዕንወት ወተሃደራዊ ኣጽዋር እቲ ወራር ድልዊ ኮይኑ። እንተኾነ ግን ጅግና ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ንልዕሊ 95 መዓልታት ብዘይምቁራጽ ብዝፈጸሞ መዳርግቲ ዘይርከቦ ትብዓትን ጅግንነትን ተወፋይነትን ሻዱሻይ ወራር ወተሃደራዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ፈሺሉ። ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ደርግ ከኣ ንብቅዓትን ሓያልነትን ወተሃደራዊ ዓቕሚ ኤርትራ ዘመስከረን ኣብ ላዕለዎት ወሰንቲ ኣህጉራውያን ማእከላት መቓልሕ ዝፈጠረን ዘሕፍር ስዕረት ወሪዱ።

ኣብ'ቲ ካብ ለካቲት ክሳብ ሰነ 1982 ዝተኻየደ ዘየቛርጽ ኩናት ሻዱሻይ ወራር፡ ጸላኢ ካብ ወተሃደራቱ ኣስታት 40 ሽሕ ምዉታትን ቁሱላትን ክኾኑ ከለዉ፡ 939 ድማ ተማሪኾም። ልዕሊ 8000 ዓበይቲን ማእከላይን ፈኮስቲን ኣጽዋር ድማ ንብረት ሰውራ ኮይኑ። ከምኡ'ውን 19 ታንኪታትን ድሩዓትን 40 ወተሃደራዊ መካይንን ክድምሰሳ ከለዋ፡ ሚግ 21 ዝዓይነተን 3 ነፈርቲ ኩናት ከኣ ተሓምሺሸን።

20 ሰነ 1982፥ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ምስ ደምን ስደትን ጃምላዊ ህልቂትን ዝተኣሳሰር ጸልማት ታሪኽ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ንምቅንጣትጥ ትብዓቱ ዘመስከረሉ መዓልቲ'ዩ ነይሩ። ምግባት፥ ዕንወት፥ ዝምታ እንስሳታትን ዘራእቲን ምንዳድ ዓድታትን ዝመልአ ጸልማት ታሪኽ ገዛእቲ። ስለዚ ኤርትራዊ ዓወት ኣብ ልዕሊ ወተሃደራዊ ወራር ኢትዮጵያ፥ ንመግዛእታዊ ህላወ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ምስ ኩሉ ግፍዒታቱ ዓቢ ጽፍዒት'ዩ ነይሩ።

<u>**ሕቶ፦ ኣብ መዓልቲ ሰማእታት ይኹን ኣብ ካልእ መዓልታት ከም መዓልቲ ናጽነት ሰዉኣት ክትዝክር ከሎኻ ብቀዳምነት ኣብ ኣእምሮኻ ዝመጽእ እንታይ'ዩ?**</u>

ልክዕ'ዩ ከም ኩሎም ናይ ቃልሲ ብጾተይ፥ ኣብ መዓልቲ ሰዉኣት ይኹን ኣብ ካልእ ታሪኻዊ ኣጋጣሚታት ብዙሓት ብቀረባ ምሳይ ዝነበሩ፥ ብፍላይ ከኣ ኣብ መንጐናን ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራን ጽንኩር ወተሃደራውን ፖለቲካውን ግጥም ኣብ እነሕልፈሉ ዝነበርና እዋን ምስኦ ም ምቑር፥ ጽቡቕን መሪርን ቃልሲ ዘሕለፍኩ ሰዉኣት ይዝክር እየ። ብዙሓት ካብኣቶም ብልዑል ሓበን እዝክሮም። እዞም ንምእንቲ ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ክቡር ሂወቶም ዝበጀዉ ጀጋኑ ሰማእታት ሞያኦም፥ ኣበርክቶኦምን ተወፋይነቶምን ኣብ ሓጺር ርክብ ክትንትኖ ግን ዝክኣል ኣይኮነን። ካብ ቀዳሞት ሰማእታትና ከምኒ ዓሊ ዑስማን መሓመድ፥ ኣብርሃም ተወልደ፥ ዓሊ እድሪስ ኣንራ ዓሊ፥ ኪዳነ ይሕደጎ፥ ዓምር ጣህር ሸሃቢ፥ ሓሰን ባሺመል፥ ምዓሾ እምባየ፥ ሳልሕ ጠጠው፥ ኣሕመድ ህላል፥ ፍስሃየ ወልደገብርኤል፥ ኣቡበከር መሓመድ ሓሰን፥ ኣሕመድ ሓሰበላህ፥ የማነ ኣባግራይ፥ ወዲ ፈንቅል፥ ሓሰን ሕመድ ኣሚር፥ ኢብራሂም ዓፋን ካልኦት ብዙሓትን እዝክር። እዚኣቶምን ካልኦት ብዙሓትን ይዝከሩኒ። ከምዛ ክሳብ ሕጂ ምሳይ ዘለዉ ኮይናም ድማ ይስምዑኒ። ጅግንነቶም፥ ብጻያዊ ሓልዮቶም፥ ንኤርትራዊ ዜጋን መሬትን ዘለዎም ፍቕሪን ዕላማ ህዝቢ ኤርትራ ንምዕዋት ዝነበሮም ተወፋይነትን ይዝከረኒ። በዚ ታሪኻውን ክቡርን መዓልቲ፥ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ድማ ንክቡር መስዋእቶም እዝክር።

<u>**ሕቶ፦ ኣብ 1966 ኣብ መሳርዕ ሰውራ ኤርትራ ምስ ተሰለፍካ፥ ኣብ ሓደ ዕርዲ ምሳኻ ዝነበረ ቀዳማይ ሰዉእ ምስ ርኢኻ ሸዑ ብቐጥታ ዝተሰምዓካ ስምዒትዶ ምገለጽካልና?**</u>

ኣብ 1967 ምስ ጸላኢ ኣብ ዓይለት ጎምሆት ኣብ ዝተኻየደ ኲናት ጋንታኡ እናመርሐ እንከሎ ዝተሰውአ ተጋዳላይ ዓሊ እድሪስ ኣንራ ዓሊ፥ ከምኡ'ውን ኣብ 1968 ብናይ ጸላኢ ጥይት ዘይኮነስ፥ ብመርዛም ተመን ኣብ ገደም ዝተሰውአ ተጋዳላይ መሓመድ

ሽሪፍን ካልኦት ብዙሓት ብሕጽረት ግዜን ድሩትነት ናይ'ዚ ቃለ መጠይቕን ክጠቅሶም ዘይከኣልኩ ሰዉኣትን ይዝከሩኒ።

**ሕቶ፦ ዝኸሪ ሰማእታት ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ዓሚቑ ሱር፡ ኣብ'ቲ ህዝቢ ኤርትራ ብኣእምሮኡን ቅልጽሙን ዝሰርሖ ዘሎ መጻኢ ድማ ሰፊሕ ዝርግሐ ዘለዎ ከም ምዃኑ መጠን እዚ ንሞንታዊ ምትእስሳር መጻኢ፡ ህልውን ሕሉፍን ኣጣሚሩ ዝገልጽ መጻኢ ወለዶ ብኸመይ ክዝክሮ ኣለዎ ትብል?**

ብርግጽ ነዚ መዓልቲ'ዚ መዓልቲ ሰማእታት ብስምዒትና ጥራሕ ዘይኮነ፡ ብምሉእ ኣእምሮናን ብልብናን ክንዝክሮ ኣሎና። እዚ መዓልቲ'ዚ ክቡር ህዝቢ ኤርትራ ንዝደልዮ ዕላማ ብውሕሉል ኣገባብ ብኸመይ ከም ዘረጋግጾ፡ ጀጋኑ ሰማእታትና ተሰፋን ናይ ምግባር ዓቕምን ዘውረሱና ዕዙዝ መዓልቲ እዩ።
ከምኡ'ውን ነዚ መዓልቲ'ዚ ምስ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ መድረኽ ዘረጋገጽናዮ'ን ኣብ መጻኢ ከነረጋግጾ እንደሊን ዕላማታትና ከነተኣሳስሮ ኣሎና። ኣብዚ እንነብሮ ዘሎና ክውንነት ናጻ ኤርትራ ፡ ዝኸሪ ጀጋኑ ሰዉኣትና ንምኽባር ክንፍጽሞ ዘሎና ግቡኣት ከኣ ንሱ እዩ። ዝተረፈ ዕማም መጻኢ መድረኽ ንምፍጻም ከኣ ምሉእ ተሰፋ ኣሎና። እዚ ሓራን ናጻን ክውንነት'ዚ ከኣ ብዘይ መስዋእትን ተወፋይነትን ሰማእታትና ብርግኣትን ሰላምን ክንነብሮ ዝክኣል ኣይነበረን።

**ሕቶ፦ ብኣጋጣሚ መዓልቲ ሰዉኣት ብፍላይ ከኣ ኣብዚ ዞባውያንን ኣህጉራውያንን ሓይልታት እስትራተጂያዊ መሰርሕ ልምዓት ኤርትራ ንምዕንቃፍ ካብ ዘየለ ሸግራት ዝፈጥርሉን ባይቶ ጸጥታ ብ23 ታሕሳስ 2009 ኣብ ልዕሊ ህዝብን መሬትን ኤርትራ ዘይፍትሓውን ዓማጽን ብይን እገዳ ቁጽሪ 1907 ዘሕለፈሉን ግዜ ናብ ውሽጥን ወጻኢን ዝነብር ህዝቢ ኤርትራ ከተመሓላልፎ እትደልዮ መልእኽቲኸ እንታይ'ዩ?**

ቅኑዕ መኣዝን ሒዝና ንጉዓዝ ከምዘሎና ከረጋግጽ እፈቱ። ዘጋጥሙና ውዲታትን ሸርሒታትን'ውን ኣብ ከም ሓደ ዘይጥጡሕ ጽርግያ ዘጋጥም ዝተፋሕረ ጎዳጉዲ ብቀሊሉ ክንሰግሮ እንኽእል ጉዳይ እዩ። ናይ ብሓቂ ብጽንዓትን ሓያል ናይ ምግባር ዓቕምን ህዝብና ዝሰገርናዮ ብዙሕ ውዲታትን ቅርሕንቲን ዝመልአ ተመኩሮ ኣሕሊፍና ኢና። እዚ ኣብ መድረኽ ፖለቲካዊ ቃልሲ ኣብ ኣርብዓታት ይኹን ኣብ እዋን ዕጥቃዊ ቃልሲ ዘጋጠመና ብድሆታት'ዚ ከኣ ብዘይሰንደልደል ብጽንዓት እንቀመሉ ክውንነት ክንፈጥር ኣኽኢሉና እዩ። መን ምዃና፡ እንታይ ከም እንደሊን ብኸመይ ዕላማታትና ከም እነረጋግጽን ድማ ከነብርህ ክኢልና።

ንሕና ኣብ ቅድሚ ኩሉ ብድሆታት ብዘርአናዮ ጽንዓት፣ ሃገራዊ ሓድነትና ክንዕቅብን ዝያዳ ዓወታት ብፍላይ ከኣ ሃገራዊ ናጽነት ብኸመይ ከም እነረጋግጽን ፖለቲካዊ ታሪኽ ኤርትራ ብፍላይ ከእ እቲ ዘመናዊ ሸነኹ ብዘየጠራጥር ብቃልን ግብሪን ኣብሪሁልና እዩ። ከምኡ'ውን ናብ 21 ክፍለ ዘመን ኣብ ኩሉ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ሜዳ ብምሉእ ርእሰ-ተኣማንነት ከም እንኣቱ የረጋግጽ።
ድሌት ክቡር ህዝብና ዘማልእ ክውንነት ንምፍጣር ንቅድሚት ንመርሽ!!